# መ ዝ ሙ ር ሕ ጻ ና ት

## መዝሙር እምነት 236 የሱስ ሕጻናት ፈተወ

1. ኣብ ምድሪ ይሁዳ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ፡
   የሱስ ሕጻናት ፈተወ፡
   ሎሚ’ውን ኣብዚ ንዓይ የፍቅረኒ፡
   ብሓጎስ ይባርኸኒ።

<u>ተደጋሚ</u>

ክንደይ ጥዑም ዕድል፡ ዘገርም ፍቕሪ
የሱስ ንጉስ ሰማይ ዝጓስየኒ፡
ዘይረብሕ ዘይጠቅም ሕሱር ክነሰይ፡
ክፍቶ ብየሱስ ካበይ ኮነለይ።

2. ሕደግዎም ቆልዑ ናባይ ይምጽኡ፡
   በለ የሱሰይ ኣፍቂሩ፡
   ‘ተመጻእክዎ ኢዱ ኣንቢሩ፡
   ይመልኣኒ ብመንፈሱ።

   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ኣብ መጓሴኡ ተሓጒሰ ይነብር፡
   ካብ ቃሉ ‘ናተመገብኩ፡
   ጉዕዞይ ወድኤ ናብኡ ምስ ከድኩ፡
   የእትወኒ ኣብ ሓጎሱ።

   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

4. መንግስተ ሰማይ ንኸማና እያ፡
ንው ናብ የሱስ ሕጻናት፡
ኣይትዘንግዑ የሱስ ከይሓልፈኩም፡
ሕጂ'ዩ ጣዕሚ ህይወትኩም።
*ተደጋሚ*